# ታደሴ ጪሞ (ወዲ ጪሞ) መን እዩ?

ታደሴ ጪሞ ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ታሕታይ ጽፍሒ ተመዲቡ፡ ኣብ ልዕሊኦም ንዝርከቡ ሓለፍቲ ከይተረፈ ሂልኮፕተር ኣሲሮም ዝቅጥቅጡን ህዝቢ ካብ ዘሰራጢዩ ሓለፍቲ ሓደ እዩ። በዚ ሒዙዎ ዘሎ ሓላፍነት ብቀጥታ ምስ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ዝራኸብን መደብ ተቖቢሉ ህዝቢ ካብ ዘሰቑዩ ሓደ እዩ። ወዲ ጪሞ ንማጠቓለዊ ሜሬት ኲናማ ኤርትራ ቅድሚ ምምጽኡ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኤርትራ ተመዲቡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከቢድ ግፍዒ ዘውርድ ዝነበረ ሰብ እዩ። ንሜሬት ኲናማ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ከም መራሒ ቦጦሎኒ እንተተመደበ እውን፡ ናይ ንኡስ ዞባ ጎኝን ከባቢኣን ናይ ጸጥታን ሚሊሻን ሓላፊ እዩ። ቀንዲ ንቑጥኡ ኣብ ዳሴ ኮይኑ፡ ናይቲ ከባቢ ኣመሓዳሪን ጸጥታን፣ ጬቃ ዓዲ፣ ሚሊሻን፣ ክ/ሰራዊት 57 ጠቂሉ ዝመርሕ ዝነበረ እዩ። ወዲ ጪሞ ኣብ ከባቢ ዳሴ ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኲናማ ዝፈጸሞም ግፍዒታት ነዞም ዝስዕቡ እዮም፦ –

1. **"ኲናማ መሬት ኣለኩም ዶ"** ዝብል ዘረባ መኽፈቲ ኣፉ እዩ። እዚ ጭርሖ ኩሉ ግዜ ካብ ኣፍ ወዲ ጪሞ ዝወጽእ ዘረባ እዩ። ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኲናማ ብዘለዎ ኩቱር ጽልኢ፡ ህዝቢ ኲናማ ኣብ ባህላዊ ዕደና ወርቂ ተዋፊሩ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን፡ ሰራዊት ብምውራድ ከም እንስሳ እንዳሃደኑ ብጥይት ዘባርር ዝነበረ እዩ፣
2. ሪሂጾም ዝረኸቡዎ ወርቂ ብሓይሊ ይምንጥል ከም ዝነበረ፣
3. ንብሄረ ኲናማ ብዘይ ምንም መርትዖን ጭብጢን ምስ ዲምሓኩኤ ምትእስሳር ኣለኩም ብዝብል ጉልባብ ዘሳቐየ፣
4. ብውልቀን ብስደራ ንኣባላት ኲናማ ካብ 500.00 ናቕፋ ክሳብ 1000.00 ብዘይ ምንም ምኽንያት ይቀጽዕ ከም ዝነበረ፣
5. መንግስቲ ሓገዝ ኢሉ ንህዝቢ ዝዕድሎ ኮቦርታን ኣጎበር (ላምስያ) ኣብ ጊሊ ጥቅሙ ብምውዓል ንዕዳጋ ኣውሪዱ ሸይጡ ይጥቅመ ከም ዝነበረ፣
6. ንብሄረ ኲናማ ኣርዒዱ ንምንብርካክ፡ ብኪሻታት ጨው ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተኣስሩሉ ገዛ ኣቀሚጡ ማይ ብምክዓው እንዳተንጠባጠበ ኣካላቶም ንክሜልጦም ዝገበረ፣
7. ብሄረ ኲናማ ንምስቓይ በዓሉ ፈንጂ ቐቢሩ፡ ንስኻትኩም ቐቢርኩሞ ብዝብል ጉልባብ ብዙሓት ኣባላት ብሄረ ኲናማ ዘጥፈኤ እዩ። ሜሪሕ ውድብ ዲምሓኩኤ ካብዚ ተበጊሱ ክልተ ግዜ ናይ መጥንቀቕታ ደብዳቤ እንተጸሓፈሉ እውን፡ ካብዚ እከይ ተግባራት ኣደብ ክገዝእ ብዘይምኽኣሉን፡ ኣብ መወዳእታ ንሓደ ዳሳ ምስ ደምሓኩኤ ርክብ ኣሎካ ብዝብል ጉልባብ ኣይምውት ኣይስሩር ስለዝገበሮ፡ ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲምሓኩኤ ብዕለት 15/02/2017 ለይቲ ሰዓት 9፡00 ኣብ ልዕሊኡ ስጉምቲ ወሲዱ።

ሜሪሕ ወድብ ዲምሓኩኤ ክብሪ ብሄሩን ድሕንነት ብሄራት ኤርትራ ኣቑቡ፡ ሓርነታዊ ነጻነቶም ንምጉንጻፍን ቀጻልነቶም ውሑስ ንምግባር ዝበቆ ዓቅሚ ከም ዘይለ ስርዓት ህግደፍ ኣዳዕዲዑ ይፈልጦ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ስርዓት ህግደፍ፡ ዲምሓኩኤ ኣብ ልዕሊ ሓለፍቲ ስጉምቲ ምውሳድ ስለዝጀመረ፡ ሓደ ሓላፊ ህግደፍ እንተቐቲሉ ሰለስተ ኣባላት ኲናማ ክንቐትል ኢና፡ በዚ ኣቢልና ድማ ንብሄረ

ኩናማ ካብ መላእ ኤርትራ ክንጸርጎ ኢና ዝብል ጭፍሖ ወዲ ጩሞ "ኩናማ ሜሬት ኣለኩምዶ" ዝብል መደብ ኣብ ስራሕ ንምትግባር መምርሒ ሂቡ ኣሎ፡፡ ቅድሚ ሕጂ እውን ኣብ ማብቆላዊ ሜሬት ኩናማ ኤርትራ (ጋሽ ባርካ) ተመዲቡ ዝሞጸ ካሕሳይ ገብረሂወት ኣብ 2008 ዓ.ም "ንብሄረ ኩናማ በብሓደ ክንቅንጽል ኢና መን ቀልጢፉ ከም ዝጸንት ድማ ንርኢ" ኢሉ ኣብ ኣኼባ ከም ዝተዛረበ ካብ ማንም ኤርትራዊ ዝኽወል ጉዳይ ኣይኮነን፡፡ ኮሌነል ወዲ ሓጎስ እውን ኣብ 1/2017 ዓ.ም ንኣባላት ኩናማ ከም እንስሳ ብሓይሊ ኮብኪቡ ኣብ ሕርሻኡ ከም ዘስርሖም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኩናማ ዘለዎ ንዕቀትን ኩቱር ጽልኢ ደው ኣቢሉ ኣደብ እንተዘይገዚኡ ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ከም ዘላ ክፈልጥ ይግባእ፡፡ ክልተ ግዜ ንስልካ ተሳሒቱ ኣሎ፡ ሳልሳይ ግን ናይ መውዳእታ ስጉምቲ ከም ዝኸውን ምንም ጥርጥር የልቦን፡፡